**ሽማግለ ኢንተግረሽን ወጻእተኛታት ድረስደን**

**ደረት ዓቕምን ግዴታታትን**
ንኹሎም ኣብ ከተማ ድረስደን ወጻእተኛዊ ድሕረ ባይታ ዘለዎም ሰባት* ዝምልከቱ ውጥናት ናብ ሽማግለ ኢንተግረሽን ወጻእተኛታት እዮም ዝቐርቡ። እዚ ሽማግለ'ዚ ኸአ ኣማኻሪ ግደ ብምህላው ንላዕለዋይ ከንቲባን ኣባላት ባይቶን ስምዕትኡ የቕርብ። እቲ ሽማግለ ኢንተግረሽን ወጻእተኛታት ክአ ነዞም ዝስዕቡ ርእሰ ዓንቀጻት ዝምልከቱ ወካሊኡ ብምልኣኽ ኣብ ባይቶ ናይ ምስማዕን ምዝራብን መሰል ኣለዎ።

**መደብ ዕዮ**
ንሕና ድልየታት ናይ ወጻእተኛዊ ድሕረ ባይታ ዘለዎም ሰባት ወከልቲ ኢና።
ንሕና ንምምሕያሽ ናብራ ናይ ወጻእተኛዊ ድሕረ ባይታ ዘለዎም ሰባት እጃምና ነበርክት።
ንሕና ንሰናይ ሓባራዊ ሂወት ኵሎም ብሄራት ኣብ ከተማ ድረስደን ነተባብዕ።
ንሕና ንምዕባለ ኵሎም ሰባት ኣብ ድረስደን ንጽዕር፣ ብዘየገድስ ዜጋውን፡ ባህላውን፡ እምነታዊን ወይ ድማ ዓሌታዊን መበቆላቶም።
ንሕና ህዝባዊ ዕዮ (ፓብሊክ ሪለሽን) ንምምላእ ድልየታት ናይ ወጻእተኛዊ ድሕረ ባይታ ዘለዎም ሰባት ነካይድ።
ንሕና ንምርሓብ ወረዳዊ ምርጫዊ መሰል ንኹሎም ወጻእተኛዊ ድሕረ ባይታ ዘለዎም ሰባት ነተባብዕ።
ንሕና ንሓባራዊ ስራሕ ምስ ወጻእተኛዊ ድሕረ ባይታ ዘለዎም ሰባት ርክብ ዘለወን ማሕበራትን ተበግሶታትን ከምኡ እውን መንግስታዊ ትካላትን ነተባብዕ።
ንሕና ክልአዊ ዝኾነ ምውህሃድ ናይ ሓደሽቲ ተቐማጦን ገዳይም ደቂ ድረስደንን ነተባብዕ።
ንሕና ንኹሎም ኣርእስታት ወጻእተኛዊ ድሕረ ባይታ ዘለዎም ሰባት ብዝምልከት ወከስትን ተወከስት ኢና።

**ቀንድታት ናይ ዕዮታት ስራሕ**
ንሕና ንጽንተት ሌላን ጕሌላን ከምኡ'ውን ዘይማዕርነታዊ ኣተሓሕዛን ወጻእተኛዊ ድሕረ ባይታ ዘለዎም ሰባት   ኣብ ከተማ ድረስደን ኢና ንቃለስ።
ንሕና ንቤታዊ ዑቕባ ናይ ተሰዲዶም ዝመጹ ጻዕሪ ነካይድ ከምኡ እውን ማሕበራዊ ውህደት ከም ምምላኽ ቋንቋ ጀርመን፡ ተኻፋልነት ኣብ ናይ ስራሕ ዓለም፡ ማሕበራዊ ሂወት ኣብ ከተማ፡ ውህደት (ኢንተግረሽን) ኣብ መዋእለ ህጻናት፡ ቤት ትምህርትታትን ዩኒቨርሲቲታትን ይምልከቱ።
ንምምሕያሽ ሕክምናዊ ቀረብ ንሕሙማት ወጻእተኛዊ ድሕረ ባይታ ዘለዎም ሰባት ንሕግዝ።

**ምስ ደቂ ዓዲ ኰንና ድማ ንቕልስ!**
*ህያው ዝኾነ ፖለቲካዊ ተኻፋልነት ኣብ ከተማ ድረስደን*

እቲ ሽማግለ ኢንተግረሽን ወጻእተኛታት ድረስደን ናይ ርእሰ ከተማ ድረስደን እቲ እንኮ ዝኾነ ፖለቲካዊ መጋባእያ ናይ ሳክሰን እዩ። ወጻእተኛታትን ስደተኛታትን (ከምኡ እውን ስደተኛታት ብዘይ ፍቓድ መንበሪ ወይ ድማ ዱልዱንግ) ንኽመርጹ ዕድል ዝህብን ንኽሕጸዩ ዘፍቅድን ስርዓተ ሕጊ እዩ። ብዕሊ ዝተመርጹ ወከልቲ ፖለቲካዊ ድልየታት 11 ብቐጥታ ብወጻእተኛዊ ድሕረ ባይታ ዘለዎም ሰባት ኣብ ሓሓሙሽተ ዓመት ብደሞክራስያዊ መስርሕ ይምረጹ፡ 9 ኣባላት ባይቶ ካብ ክፋላት መጋባእያ ይመጹ።

እቲ ሽማግለ ኢንተግረሽን ወጻእተኛታት ድረስደን ነብሱ ዝኸኣለ ኰይኑ ካብ ትእዛዝ ካለኦት ሓይልታት ነጻ እዩ፡ ብወለንታ'ኸአ ይሰርሕ። ኣኼባታትና ኩሉ ግዜ ህዝባዊ እዩ።

ሓግዙና፡ ዕዮታትና ቀሪብኩም ምዘንዎ፡ ካብኡ ኸአ ኣብ ወርሒ ሰብተምበር 2019 ነቲ ሓድሽ ሽማግለ ኢንተግረሽን ወጻእተኛታት ድረስደን ምረጽዎ! ኣብዚ ምርጫ'ዚ ብዘየገድስ መዓርግኩም፡ መበቆልኩም፡ ሃይማኖትኩም ወይ ድማ ሕብሪ ቆርበርትኩም፡ ክትመርጹ መሰል ኣለኩም።

* ኣብ ህዝባዊ ቆጸራ ናይ 2011 ኣብቲ ወጻእተኛዊ ድሕረ ባይታ ዘለዎም ሰባት ዝኣትዉ ኵሎም ምጻእተኛታትን ከምኡ እውን ካብ 1955 ኣትሒዞም ናብዛ ናይ ሎሚ ሃገረ ጀርመን ዝመጹን ጀርመናውያን ከምኡ እውን ድሕሪ 1955 ናብዛ ናይ ሎሚ ሃገረ ጀርመን ዝተሰዱን ክፋላት ስድራ ቤትን ዝሓቖፉ እዮም ነዚ ስም እዚ ሒዞም ዝኸዱ ዘለዉ። (ምንጭታት፡ ስታቲስቲካዊ ፈደራላዊ ቤት ጸሕፈት፤ህዝባዊ ቆጸራ ናይ 2011፡ ምሩጻት ውጺኢታት ቪስባደን 2013፡ ገጽ 26)